ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ማይን ፈሳስን ከተማ ኣፅቢ ን2016 ዓም በጀት ዓመት ንቤት ፅሕፈትና ግልጋሎት ዝዉዕሉ ስራሕቲ ጣዉላ /ፈረንቺር/ : ፅሕፈት መሳርሒ ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ሕዳር 13, 2016 (ልዕሊ 3 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 3, 2016 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:በቢዘርፆ ዝተፈላለየ እዩ
- ቦታ:ኣፅቢ ወንበርታ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 3, 2016 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

1 ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎን ናይ 2016 ዓም ንግዲ ፍቃድ ዘሐደሰን ዘይምለስን ፎቶ ኮፒ ዘቕርብን

2 ቲን ዘለዎን ኣብ መቕረባይነት ዝተመዝገበን ዘይምለስ ፎቶ ኮፒ ዘቕርብን

3 ተጫረቲ ዝመልእዎ ዋጋ ቫት ዝሐወሰ ክከዉን አለዎ

4 ናይ ጨረታ መከበሪ ብባነኪ ዝተረጋገፀ ስፂኦ ንስራሕቲ ጣዉላ /ፈረንቸር/ 5000 ብር ንፅሕፈት መሳርሒ 3000 ብር ብሸም ቤት ፅሕፈትና ከትሕዝ ዝክእል

5 ዝተዳለወ ናይ ጨረታ ዶክመመነት ሰነድ ካብ ቤት ፅሐፈትና ግልጋሎት ማይን ፈሳስን ከተማ ኣፅቢ ኣብ ጥቃ ኢ/ያ ንግዲ ባንኪ ቢሮ ቁፅሪ 02 ከ/ሰ/ፍ/ን/ምም/ር ዘይመለስ 100 ብር ከፊልኩም ትወስዱ

6 ተጫራታይ ነጋዶ እቲ ዓይነት ንብረት ብንፁር በቲ ዝወፀ እሰፔሰፊኬሽን መሰረት ናይ ሐደ ዋጋ ጠቕላላ ዋጋን ስርዝ ድልዝ ዘይበሉ ኣብ ዝተዓሸገ ፓስታ መሊኡ ኦርጅናልን ፎቶ ኮፒን ነንበይኑ ዓሺጎም ኦርጅናልን ፎቶ ኮፒ ተባሂሉ ኣብ ፖሰታ ይፀሓፍ

7 እቲ ጨረታ ብዝተፋላለየ ምክንያት ካዛብዑ ዝፈተኑ ተጫረቲ እቲ ቤት ፅሕፈት ወፃኢ ገይሩ ዘትሓዝዎ ትሕጃ ናብ ቤት ፅሕፈት ካዝና አታዊ ብምግባር ንቀፃላይ ከይሳተፉ ይገበሩ

8 ተጫራቲ ድሕሪ እቲ ናይ ጨረታ ሳፁን ምክፋቱ ጨረታ ኣይሳተፍን ምባል ኣይፍቀድን ከምኡ እዉን ንዝበበለ ዘትሓዘ ትሕጃ ናብ ቤት ፅሕፈትና አታዊ ይከዉን

9 ተጫረቲ ኣብ ዘቕርብዎ ኦርጅናልን ኮፒን ደኩመንት ኣብ ዝባን ዝተዓሸገ ፖስታ ሸም ፊርማ ማህተምን ስ/ፁርን ከስፈሩ አለዎም

10 ኣብ ዝወዳደሩ ዝተዳለወ ሰነድ ናይ ሐደ ዋጋ ብምምላእ ሕድሕድ ገፅ ማሕተምን ፊርማን ብምቅማጥ ናይ ባዕልካ እስፔስፊክሽን ምፅሓፍን ምምላእ ኣይፍቀድን

11 ቤት ፅሕፈትና 25 ሚእታዊ ናይቲ ዝተሰዓረ ንብረት መጠን ናይ ምዉሰክን ምቅናስን መሰል አለዎ

12 ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ን 30 መዓልቲ ይከዉን
13 እቲ ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብመሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መስሉ ዝተሐለወ እዩ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

14 ጨረታ ኣብ አየር ዝፀንሐሉ ካብ ዕለት 12/3/2016 ዓም ክሳብ 03/4/2016 ዓም ኩሉ ግዘ ኣብ ሰራሕ ሰዓት

15 እቲ ጨረታ ዕለት 3/4/2016 ዓም ልክዕ ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ ዕለት 3/4/2016 ዓም ሰዓት 4:30 ተጫረቲ ወይ ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ኣብ ዝተረከበሉ ይክፈት

16 ኣብቲ ልዕል ኢሉ ዝተጨቀሰ ሰዓት ባዕሎም ወይ ሕጋዉ ወከልቶም እነተዘይተረኪቦም ቤት ዕሳና ጨረታ ፖስታ ምክፋት መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

17 ዘሸነፈ ተጨራታይ ድሐሪ ዉዕሊ ምእሳሩ ኣብ ዉሽጢ 7 መዓለቲ ናብ ቤት ፅሕፈትና ብናይ ባዕሉ ትራንስፖርት መፅዓንን መራገፍን ኣታዊ ይገብሩ

18 ተጫራቲ ምስዓሮም ምስ ተረጋገፀ ድሐሪ ናይ ቅሬታ 3ተ መዓልቲ ኣብ ዉሽጢ 3ተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ዉዕሊ ክኣስር ዝክእልን ናይቲ ዝሰዓሮ መጠን ገንዘብ 10 ሚእታዊ ብባንኪ ዝተረጋፀ ስፒኦ ከትሕዝ ዝከእል

ንዝበለፀ ሐበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0914161243 / 0914411872 ምሕታት ይከኣል እዩ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle